



# Orientation to Ontario



1-855-626-0002
https://orientationontario.ca



## ኢሚግሬሽን

### PERMANENT RESIDENT STATUS (ኩነታት ቀዋሚ ተቐማጣይ)

The Opportunities Ontario (ዕድላት ኦንታርዮ)፡ Ontario Immigrant Nominee Program (OINP) (ሕጹይ ፕሮግራም ስደተኛታት ኦንታርዮ)፡ ሕጹያት ውልቀ-ሰባትን ስድራቤታቶምን፡ ቀዋሚ መንበሪ ደረጃ ዝህልዎም፡ ብመሰረት ናይ'ቲ ኣቕዲሙ ኣብ ዞባ ዝተፈቕደ ናይ ስራሕ ዕድል እዩ ዝኸውን።

ብዛዕባ Opportunities Ontario (ዕድላት ኦንታርዮ) ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብ ቍጽሪ ቴለፎን 1-800-267-7329 ደውል ወይ ኣብ'ዚ ዝስዕብ መርበብ፡ findlink.at/ONT_PNP ብጻሕ።

መደብ Opportunities Ontario (ዕድላት ኦንታርዮ)፡ ኣብ ትሕቲ Express Entry system (ህጹጽ ናይ መእተዊ ስርዓት) ዝተፈላለየ ጨናፍራት ኣለዎ፡

### Foreign Worker Stream (ጨንፈር ወጽእተኛ ሰራሕተኛ)

– ም ሕዳራዊ፡ ሞያዊ ወይ ደረጃ ክኢላኣዊ ንግዲ ንምምላእ፡ ሓደ ኣስራሒ፡ ነቲ ዝተፈቕደ ቦታ ስራሕ ንክውሃቦ ከመልክት ይኽእል። እቲ ቦታ ሒሳብ ምስ ተፈቕደ ድማ፡ እቲ ወጻእተኛ ሰራሕተኛ፡ ነቲ ናይ OINP ቅጥዒ መመልከቲ ይመልኦ።

### Human Capital Stream (ጨንፈር ዓቕሚ ሰብ)

ተመረቕቲ ኮለጅን ዩኒቨርሲቲን ካናዳ፡ ናይ ክልተ ዓመት ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ፕሮግራም፣ ወይ ማ ናይ ሓደ ዓመት ወረቐት ምስክር ፕሮግራም ኣብ ኦንታርዮ ምስ ፈጸሙ፡ ካብ'ታ ትምህርቶም ዝወድኡላ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ከመልክቱ ይኽእሉ። ኣመልከቲ፡ ኣብ ምምሕዳራዊ፡ ሞያዊ ወይ ደረጃ ክኢላዊ ንግዲ፡ ክእለት ዝሓትት ምሉእ ግዜ ቀዋሚ ስራሕ ዝተቐረበሎም ክኾኑ ይግደዱ እዮም። እቲ ኣስራሒ፡ ነቲ ብ Opportunities Ontario (ዕድላት ኦንታርዮ) ዝተፈቕደ ስራሕ ምእንቲ ክረክብ፡ ግድን ከመልክት ኣለዎ።

### Ph.D. and Masters Graduates (ተመረቕቲ ፒ.ኤች.ዲ ን ማስተርስን)

ኣብ ሕጋዊ ዩንቨርሲቲ ኦንታርዮ ብፒ.ኤች.ዲ. ወይ ብማስተርስ ፕሮግራማት ዝተመረቑ፡ ነቲ ፕሮግራም ምስ ዛዝምዎ፡ ክሳብ ክልተ ዓመት ከመልክቱ ይኽእሉ። ቀረብ ዕዮ ኣየድልን እዩ።

መደባት ፈደራል ኣብ ኩነታት ቀዋሚ ነባሪ

ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ መደባት ፈደራል ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ Immigration, Refugees and Citizenship Canada (ኢሚግረሽን፡ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ) ብጻሕ፡ findlink.at/applyImmCa

### Canadian Experience Class (ደረጃ ተሞኩሮታት ካናዳ)

ነቶም፡ ኣብ ምምሕዳራዊ፡ ሞያዊ ወይ ክእለታዊ ደረጃ ንግዲ፡ ብውሕዱ ናይ 12 ኣዋርሕ ምሉእ ግዜ ተሞኩሮ ስራሕ ካናዳ ዘለዎም

### Federal Skilled Workers (ክእለት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ፈደራል)

ነቶም፡ ከም ክእለት ተሞኩሮ ስራሕ፡ ትምህርትን ምልከት ቋንቋን ዝኣመሰሉ ኣድለይቲ ብቕዓት ዘማልኡን፡ ከምኡ ድማ፡ ኣብ ካናዳ ኮይኖም ንገዛእ ርእሶምን ስድራቤቶምን ክሕግዙ ዘኽእሎም እኹል ገንዘብ ዘለዎምን ሰባት ።

### Skilled Trades (ክኢላዊ ንግዲ)

እዚ ምድብ እዚ፡ ነቶም ብውሕዱ ናይ ክልተ ዓመት ተሞኩሮ ምሉእ ግዜ ስራሕ ክኢላዊ ንግዲ ዘለዎም ሰባትን ነቶም ህያብ ምሉእ ናይ ስራሕ ግዜ ወይ ኣብ ንግዶም ምስክር ብቕዓት ኦንታርዮ ዘለዎም እዩ።

### Investors and Entrepreneurs (ኣውፈርትን ኢንተርፕረነርን)

ነቶም ኣብ ንግዲ ውሑድ ወፍሪ ዘለዎምም እሞ ካብ ዝተመርጸ ጉጅለ ኣውፈርቲ ወይ ውሕዱ ወፍሪ ኣብ መደብ ንግዲ ምውላ ከተማ ኣብ ካናዳ እዩ።

### Self-Employed People (ብነብሶም ዝሓደሩ ሰባት)

እዚ ምድብ እዚ፡ ነቶም ኣብ መዳይ ባህላዊ ንጥፈታት ወይ ኣትለቲክስ ወይ ምምምሕዳር ሕርሻ ተዋፊሮም ኣብ ኦንታርዮ ነብሶም ክኽእሉ ንዝደልዩ እዩ።

### Family Sponsorship (ዓንገልቲ ስድራቤት)

ቀወምቲ ተቐማጦ ወይ ዜጋታት ካናዳ፡ ናብ'ዚ መታን ክሳግሙ፡ ንገለ ኣባላት ስድራቤት ክዕንግሉ ይኽእሉ እዮም። ወግዓውያን

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

ኣባላት ስድራቤት ዝበሃሉ ድማ፡ መጻምዲ፡ ኣብ ትሕቴኻ ዝእለዩ ደቅኻ፡ ወለድኻን ኣቦሓጎኻን ወይ እኖሓጎኻን ካልኦት ዝተወሰኑ ቤተሰብን ዘጠቓለሉ እዮም። ዓንገልቲ፡ ንስድራቤቶም ከድግፍዎም ከምዝኽእሉ ንምርኣይ፡ እቲ ዘድሊ ኣታዊ ክህልዎም ይግባእ።

## Live-In Caregivers (ኣብ ትሕቲ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ክንክን ምንባር)

ብቑዓት ሰራሕተኛታት፡ ንቆልዑ፡ ንዓበይቲ ሰባት፡ ወይ ስንኩልና ንዘለዎም ሰባት ክብሉ፡ ተኸታተልቲ ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ክኾኑ ይኽእሉ። ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን፡ ኣብ ካናዳ፡ ምስ ኣስራሒ ናይ ጽሑፍ ውዕል ክህልዎም ኣለዎ። ንክልተ ዓመት ዝኣክል ምሉእ ግዜ ምስ ሰራሕካ፡ ተኸታተልቲ ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ንቀዋሚ ደረጃ ተቐማጢ ከመልክቱ ይኽእሉ።

